# ምጹ ተጸምበሩና

ተወሰኸቲ ናብ 4H-ጋንታታትና ዝጽምበሩ ቆልዑት፣ መንእሰያት ከምኡድማ ዓበይቲ ንደሊ። እዚ በራሪ ወረቐት ብዛዕባ 4H፣ እትሳተፉሎም ንጥፈታት ከምኡድማ ከመይ ኣባል ክትኮኑ ከምእትኽእሉ ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ይህበኩም።




ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

4H NORWAY

# እንቋዕ ናብ 4H ደሓን መጸእኩም!

ኣብ ኖርወይ፣ 4H ኣብ ኣስታት 600 4H-ጋንታታትን 50 4H-ሕርሻታትን ብድምሩ ኣስታት 13,000 ኣባላት ኣለዉዎ። እቲ ትካል ኣባላቱ እዮም ዘመሓድሩዎ። እዚ ክንብል እንከለና እቶም ኣብ ክሊ ዕድመ 10-18 ዝርከቡ ኣባላት እዮም እቲ ክለብ ከካይደዎ ዝግባእ ንጥፈታት ዝውስኑ ማለት እዩ። 4H ብዓበይቲ ኣማኸርቲ እውን ይድገፍ እዩ። ልዑል ጽሬት ዘለዎም ንጥፈታት ኣብ ውሑስ፣ ካብ ዕጸ-ፋርስ ናጻ ዝኾነን ምቹእ ሃዋህውን ነቕርብ።

ኣብ ዝባን እዚ በራሪ ወረቐት፣ ንናይ ከባኹም 4H-ጋንታ ኣድራሻ ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።


ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

# 4H-ጋንታ እንታይ እዩ?

4H-ጋንታ ኣብቲ ውሽጣዊ ከባቢ ኣገዳሲ መተኣኻኸቢ መድረኽ እዩ። ከም ጉዕዞ ናብ ተፈጥሮ፣ ናይ ትያትር ስራሕ፣ ጥበባት፣ ናይ ኩዕሶኢድ ግጥማት፣ ማሕበራዊ ፍጻሜታት፣ ካምፒንግ፣ ምብጻሕ ናብ ሕርሻ ከምኡውን ምድላው መግቢ ዝኣመሰሉ ፍጻሜታት ነዳልው።

እቶም ንጥፈታት በቶም ኣባላት እዮም ዝምረጹ። ኣብ ሕድሕድ ዓመት ዓመታዊ ኣኼባ ዝካየድ ክኸውን እንከሎ ኣብዚ ኣኼባ መደባት ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ይዳለዉ ከምኡውን ቦርድ ይምረጽ። እቲ ቦርድ ሙሉእ ዓመት ነታ ጋንታ ናይ ምምራሕ ግቡእ ዘለዎም ዕድሚኦም ካብ 10 ክሳዕ 18 ዓመት ዝኾኑ ኣባላት የጠቓልል። ኣብቲ ዓመታዊ ኣኼባ፣ እቶም ኣባላት ማዕዶ፣ ሓገዝን ኣንፈትን ዝህቡ ዓበይቲ ናይታ ጋንታ ኣማኸርቲ እውን ይመርጹ እዮም። እዚኦም ዋላሓንቲ ክፍሊት ከይተኸፍሎም ነታ ጋንታ ምስቶም ኣናእሽቱ መራሕቲ ኮይኖም ዘመሓዳድሩዋ ወለዲ ወይከኣ ካልኦት ዓበይቲ ሰባት እዮም።


ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane



## ስለምንታይ እየ ዝጽምበር?

ምስ ካልኦት ሰባት ንሽትዛነይ! 4H ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ጾታ ወይ ከኣ ስንክልና ብዘየገድስ ንኹሉ ሰብ ክፉት እዩ። ምስ ካዕሩኽትኹም ብሓባር ሓደሽቲ ተመኩሮታት ክትረኽቡን ንህይወወትኩም ዝጠቕሙ ትምህርቲታት ክትመሃሩን ኢኹም። 4H ኣባላት ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ውልቃዊ ምዕባለ ዝረኽበሉ ዕድል ይኸፍት። ኣባል ንምኳን ክተማልኦኦዎ እትሕተቱዎ ፍሉይ ረቛሒታት የለን። ናይ 4H-ኣባል ክትከውን እንከለኻ፣ ብቐሊሉ ምስ ሓደሽቲ ሰባት ትራኸብን ትተዓራረኽን። መብዛሕትኦም ኣባላት ኣብ መንጎ10 ን 18 ን ዕድመ ዝርከቡ ክኾኑ  እንከለዉ፣ ዓበይቲ እውን ግን ከም ወለንታውያን ክጽምበሩ ብታሕጓስ ክንቀበሎም ኢና።



## ኣብዚ ተሳታፊ ምኳን ጠቓሚን ኣምሃሪን እዩ!

ናይ ገለ ነገር ኣባል ናይ ምኳን፣ ብሓባር ናይ ምውናንን ኣብ ገለ ቦታ ተሳታፋይ ናይ ምኳንን ስምዒት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ኣባላት ብ 4H ኣቢሎም ናይ ባዕሎም መንነት፣ ንገዛእ-ርእስኻ ናይ ምኽባር ከምኡድማ ናይ ናተይነት ስምዒት የማዕብሉ። እዚ ከኣ ኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ረብሓ ኣለዎ። ንበይንኻ ንጡፍ ካብ ምኳን ምስ ካልኦት ኮንካ ንጡፍ ምኳን ዝቐለለ እዩ። ብ 4H ኣቢልኩም ብዛዕባ ተፈጥሮ፣ ሕርሻሻ ትካላዊ ስራሕ ከምኡድማ ብዛዕባ ዲሞክራሲ ክትመሃሩ ኢኹም።

“እናሰራሕካ ምምሃር”

ናይ 4H ጭርሖ እዩ።

# 4H-ፕሮጀክት!


ኣብ ሕድሕድ ዓመት፣ እቶም ናይ 4H-ኣባላት ንበይኖም ወይከኣ ኣብ 4H ጋንታ ምስ ዝርከቡ ካልኦት ሰባት ብምሿን ፕሮጀክት ይሰርሑ። እቶም ፕሮጀክታት ንተፈጥሮ፣ ባህሊ፣ ሕብረተሰብን ጥዕናን ዝምልከቱ ክኾኑ እንከለዉ፣ እቶም ኣባላት ኣርእስቲ ናይ ዝሰርሕዎ ፕሮጀክት ባዕሎም ይመርጹ። እቶም ኣባላት ኣብዞም ፕሮጀክታት ብምስራሖም ብዙሕ ሓድሽ ነገራት ይመሃሩ። መብዛሕትኦም ናይ 4H-ኣባላት ኣብ ከይዲ ስርሖም ማዕዳ ዝህቦምን ኣንፈት ዘርእዮምን ናይ ፕሮጀክት ሓጋዚ ከህልዎም እዩ።


ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

# ተሳተፉ! ኣበርክቶ ግበሩን ምስ ሓደሽቲ ሰባት ተራኸብ!

4H ኣውራ መካየድቱ ወለንታውያን እዮም። እዚኦም ብዘይ ገለ ክፍሊት ግዜኦም ሰዊኦም ንረብሓ 4H-ጋንታታት ዝሰርሑ ወለንታውያን ወለዲን ካልኦትን እዮም። እቶም ወለንታውያን ብዙሓት እተፈላለዩ ንጥፈታት መታን ክካየዱን 4H ተመራጺ ቦታ ንክኸውንን እዮም እጃሞም ዝገብሩ። ኣብ 4H-ጋንታ ንምዝዋር፣ ምድላው መግቢ ከምኡድማ ዓብዪ ሓጋዚ ምሿን ሓዊስካ ብዙሓት ክስርሑ ዝኽእሉ ዕዮታት ኣለዉ። ንረብሓ 4H-ጋንታ ወለንታዊ ኮንኩም ክትሰርሑ እንከለኹም ኣዝዮም ኣገደስቲ ተመኩሮታት ትረኽቡ፣ በቲ ኻልእ መዳይ ከኣ ንሕብረተሰብኩም እጃምኩም ክተወፍዩ ዕድል ይህበኩም።  ንእትገብሩዎም ጻዕሪታት ልዑል ናእዳ ኣለና!





# ውሑስን ኣወንታዊን!

ኩለን 4H-ጋንታታት ንህጻናትን በጽሒታትን ውሑስን እወንታዊን ዕድላት ንምፍጣር ልዑል ጻዕሪ ይገብራ። ኣብ ንጹር መትከላዊ ኣሰራርሓን ተደሪኹና ዋላሓደ ሰብ ከይግለል ብንቑሓት ንሰርሕ። ሕድሕድ ምስ ናይ 4H-ኣባላት ዝሰርሕ ናይ ጋንታ ኣማኻሪን ናይ ጋንታ መራሒን ስልጣን ከምዝተዋህቦ ወይ ከምዝተፈቐደሉ ዝገልጽ ወረቐት ካብ ፖሊስ ከውጽእ ኣለዎ። ወለድን ሞግዚታትን እውን ኣብ 4H ቤት-ጽሕፈት ክሕዙ ወይከላ ከም ኣማኸርቲ ወይ ሓገዝቲ ኮይኖም እጃሞም ከወፍዩ ይኽእሉ እዮም።



ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

# ክንደይ ክፍሊት ይሓትት?

እተን ጋንታታት ክንዲ ዝኽኣላኦ እቲ ዋጋ ትሑት ክኸውን እየን ጻዕሪ ዝገብራ።

ናይ ኣባልነት ክፍሊት
ሕድሕድ ኣባል ክኸውን ዝደለየ ሰብ ኣባል ንክኸውንን ኣብ ናይ 4H ንጥፈታት ንኽሳተፍን ዓመታዊ ናይ ኣባልነት ክፍሊት ክኸፍል ኣለዎ፣ ይኹን እምበር ቅድሚ ኣባላት ምዃንኩም ንጥፈታትና ክትፍትንዎም እንተተደሊኹም ብታሕጓስ ኢና ንቕበለኩም።

ካልእ ወጻኢታት
ኩሎም ኣብ ካምቦ ወይከኣ ኣብ ናይ ስልጠና ኮርስታት ዝሳተፉ ሰባት ናይ መሳርሒ፣ ጉዕዞ፣ መምርሒታት፣ ወዘተ ወጻኢ ይማቐል። ናይ 4H-ኣባላት ኣብ ሕድሕድ ዓመት ኣብ ዝተፈላለዩ ካምቦታት ናይ ምስታፍ ዕድል ኣለዎም። እዚኦም ናይ ስልጠንቲ ካምቦ፣ ናይ ካውንቲ ካምቦ፣ ናይ ሃገር ካምቦ ከምኡድማ ኖርዲክ ካምቦ የጠቓልሉ። እቶም ካምፒንግ ብ 4H ኣቢሎም ዝረኸቡ ሰባት በብዓመቱ ኣብ ካምቦ እናተሳተፉ ይቐጽሉ።





ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane




# መሳርሒን ከዳውንቲን

መብዛሕትኦም ንጥፈታት ፍሉይ መሳርሒ ዝጠልቡ ኣይኮኑን። ይኹን እምበር ነቲ ንጥፈት ዝምቹ ክዳን ምኽዳን ጽቡቐ ሓሳብ እዩ። ንኣብነት ክትስንክት እንተኾንካ ግርምቢያለ ምግባር የድሊ፣ ነዊሕ ናይ እግሪ ጉዕዞ ክትገብር እንተኾንካ ድማ ማይ ዘየሕልፍ ክዳንን ድልዱል ጫማን የድልየካ። ኣብ መብዛሕትኦም ንጥፈታት ግን ልሙድ ኣከዳድና ምስ ነዊሕ ስረን ቀቢዕን፣ ወዘተ እንተተኸደንካ እውን ምቹእ እዩ።



ፎቶ: Øystein Julien



ፎቶ: Geir Aardalsbakke



ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

# ናይ 4H ዕላማ ንጡፍ፣ ተሳታፋይ ከምኡድማ ንተፋጥሮን ሰብኣዊነትን ክብሪ ዝህብን ሓላፊነት ዝስምዖን መንእሰይ ምህናጽ እዩ።

እቲ ናይ 4H ሸቶ ብናይ 4H መብጽዓ ኣቢሉ እዩ ዝግለጽ፡

“ኣነ ሓንጎለይ ንጽኑፍ ኣተሓሳስባ፣ ልበይ ንዝለዓለ ተኣማንነት፣ ኣእዳወይ ንዝለዓለ ኣገልግሎት፣ ጥዕናይ ድማ ንዝሓሸ መነባብሮ ብምሃብ ንጋንታይ፣ ንሕብረተሰበይ፣ ከምኡድማ ንሃገረይ ክሰርሕ ቃል ይኣቱ ኣለኹ።”



ፎቶ: 4H Sogn og Fjordane

## ናብ 4H ክትጽምበሩዶ ትደልዩ? ርኸቡና!

ኣብ ከባኹም ዝርከብ ናይ 4H-ጋንታ:

……………………………………………………………………

ክትረኽብዎ ዘለኩም ሰብ:

……………………………………………………………………

ቁጽሪ ተሌፎን/ኣድራሻ ኢ-ሜይል:

……………………………………………………………………

www.4h.no